ናይ ኦስሎ (Oslo) ዳህሰሳ ህዝባዊ ጥዕና 2024

ንመጽናዕቲ ህዝባዊ ጥዕና ምእንቲ መልሲ ክትህብ ዝዕድም ካብ ከተማ ኦስሎ ናይ ኢመይል ከምኡ ውን/ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ በጺሑካ'ዶ? ኣብቲ መላግቦ ንምጥዋቕ ውሑስ እዩ።

**እቲ እትህቦ መልሲ ንዓና ኣገዳሲ እዩ**

ብዛዕባ ጥዕናኻን መነባብሮኻን ክንፈልጥ ንደሊ ኢና። እቲ እትህቦ መልሲ ኣገዳሲ ኢዩ ከመይሲ ንኹሉ ሰብ ዝሓሸ ናብራ እትህብ ጥዕይቲ ከተማ ንኽንሰርሕ ስለ ዘኽእለና። ክትሳተፍ ከም እትደልይ ተስፋ ንገብር።

ምስ ኣስታት 160,000 ካልኦት ነበርቲ ኦስሎ ብኣጋጣሚ ተመሪጽካ ኣለኻ። እቲ ኣብነታዊ ቁጽሪ ንብዝሒ ህዝቢ ኦስሎ ዘንጸባርቕ ስለ ዝኾነ፡ መልስታትካ ንዓና ኣገዳሲ እዩ።

**ብዛዕባ እንታይ ኢና ኽንሓተካ?**

ብዛዕባ ንጥዕናኻን ንጽሬት ህይወትካን ክጸልዉ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ኢና ክንሓተካ ንደሊ። እቲ ዳህሰሳ ንምዝዛም ኣስታት 20 ደቓይቕ ኢዩ ዝወስድ።

**እቲ ዳህሰሳ ብኸመይ እዩ ዝካየድ ዘሎ?**

እቲ ዳህሰሳ ዲጂታላዊ እዩ። እቶም ተሳተፍቲ ናብቲ ዳህሰሳ ዝወስድ መላግቦ ዘለዎ ናይ ኢመይል መልእኽቲ በጺሑዎም ኣሎ። እቲ መላግቦ ውልቃዊ ኮይኑ ንስኻ ጥራይ ኢኻ ክትዛዝሞ ትኽእል።

መልስታትካ እውን ኣብ ዝኾነ እዋን ክትዕቅቦ ከምኡ ውን ነቲ ዳህሰሳ በቢደረጃ ክትዛዝሞ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ዳህሰሳ ብ Verian ዝካየድ ዘሎ ኾይኑ እዚ ኣካል ኣብ ክንዲ እቲ ናይ ኖርወይን ህዝባዊ ጥዕና ኢንስቲትዩት ከምኡ ውን ከተማ ኦስሎ ብምውካል እዩ።

**መልሲ ንምሃብ ውሑስ እዩ**

ብዛዕባ ውሕስነትካን ድሕነትካን ንግደስ ኢና። እቲ ዳህሰሳ ብዘይ ስምካን ፍሉይ መለለዪ ቁጽርኻን  ወይ ካልእ ውልቃዊ መለለይኻን እዩ ዝግበር። ምምሕዳር (ኮሙን) ኦስሎ ዝቕበሎ ሓበሬታ ናባኻ ተመሊሱ ከመልከት ዝኽእል ኣሰር የብሉን። እቲ ውጽኢት ንውልቀ-ሰባት ዘይኮነስ ንጕጅለታት ጥራይ እዩ ክግለጽ።

**እቲ ዳህሰሳ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ምርካብ ይከኣል**

እቲ ዳህሰሳ ናብ እንግሊዝኛ፣ ዓረብኛ፣ ሶማልያኛ፣ ትግርኛ፣ ፖላንድኛ፣ ኡርዱኛ ከምኡ ውን ዩክሬንኛ ተተርጒሙ ኣሎ። ምስ ኣተኻ ካብዞም ኣማራጺታት እዚኣቶም ሓደ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ብዛዕባ ዳህሰሳ ህዝባዊ ጥዕና ኦስሎ ዝምልከት ናይ ምልክት ቋንቋ ዝገልጽ ቪድዮ እውን ኣሎ።

**ናይ ህያብ ካርድ ክትዕወት ትኽእል ኢኻ!**

ነዚ ዳህሰሳ ብምምላስ፡ ካብተን 15 ነናይ 2000 ክሮነር ናይ ህያብ ካርድታት ንክትዕወት ኣብ ዕጫ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ። ድሕሪ ምዝዛም እቲ ዳህሳስ፡ ድሕሪ ሓጺር ግዜ እቲ ዕጫ ክወድቕ እዩ።

**ሓገዝ የድልየካ ድዩ ወይ ሕቶ ኣለካ ድዩ?**

ብዚ ዝስዕብ ተወከሰና፡- folkehelseundersokelsen@hel.oslo.kommune.no

**ብዛዕባ ዳህሰሳ ህዝባዊ ጥዕና ኦስሎ 2024 ዘረድኡ ሓቅታት**

እቲ ዳህሰሳ ህዝባዊ ጥዕና ብዛዕባ ጥዕና ህዝቢ ከምኡ ውን ብዛዕባ እቲ ንጥዕናና ክጸልዉ ዝኽእሉ ኣወንታውን ኣሉታውን ረቛሒታትን ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንምርካብ ዝዓለመ'ዩ። እቲ ዳህሰሳ ኣብ ናይ ኖርወይ ዳህሰሳ ህዝባዊ ጥዕና ኢንስቲትዩት ዝተመርኮሰ ብዛዕባ ናይ ኖርወይ ኣውራጃታት ህዝባዊ ጥዕና መሰርት ዝገበረ እዩ።

ኦስሎ ንመጀመርታ ግዜ ዳህሰሳ ህዝባዊ ጥዕና ተካይድ ዘላ እያ። ካልኦት ኣውራጃታት ነቲ ዳህሰሳ ኣካይደንኦ እየን እዚ ማለት ድማ ውጽኢት እቲ ናይ ኦስሎ ዳህሰሳ ምስ ናይ ካልኦት ኣውራጃታት ከነነጻጽሮ ክንክእል ኢና ማለት እዩ። ይኹን እምበር ኦስሎ ፍልይቲ እያ ማለት እውን ርእሰ ከተማ፣ ናይ ምምሕዳር ከተማን ኣውራጃን ስለዝኾነት ንኦስሎ ጥራይ ዝምልከት ሕቶታት ኢና ኣካቲትና ዘለና።

እቲ ብዳህሰሳ እንረኽቦ መልስታት ኣብ ብዙሕ ግደ ኣብ እትፍጽም ከተማ ምንባር ከመይ ከም ዝመስል ንምርኣይ ዘኽእል ጽቡቕ ስእሊ ክህብ እዩ።

**እቲ ውጽኢታት ኣብዚ ምርኣይ ይከኣል**

እቲ ውጽኢታት ድሕሪ እቲ መስርሕ ክቐርብ እዩ።

ናይ ከተማ ኦስሎ ኤጀንሲ ጥዕና ነቲ ውጽኢታት ናይ ዞባታት ከተማ ከምኡ ውን ካልኦት ናይ ምምሕዳር ከተማታት ክጥቀማሉ ከምዝኽእላ ከረጋግጽ እዩ።